# ቀዳምነት ናይ ዝወሃቦ ቐንዲ ኽንክን ማእከላት

**ወግዓዊ**

- ብህጹጽ ናብ ሓኪም ክትከይድ የድልየካ ድዩ?
- እቲ ቐዳምነት ናይ ዝወሃቦ ቐንዲ ኽንክን ማእከላት (PPCCs/ፒፒሲሲ) ህጹጽ ጉድኣት ወይ ሕማም ንዘለዎ ዝኾኑ ይኹን ሰብ ብናጻ ይሕክም እዩ።
- ናይ ፒፒሲሲ ሓካይም ካብቲ ክፍሊ ህጹጽ ኵነታት ሆስፒታል ብዝሓሸ መገዲ ዘድልየካ ሕክምና ቐልጢፍካ ንኽትረክብ ክሕግዙኻ እዮም።
- ከም ፈኲስ ረኽሲ፣ ኣናእሽቱ ምንዳድ፣ ዝተሃስየ ወይ ዝተሰብረ ኣዕጽምቲ ዝኣመሰለ ኹነታት ክሕክሙ ይኽእሉ እዮም።
- ከቢድ ጉድኣት ወይ ሕማም እንተ ሃልዩካ ናብ ሰለስተ ዜሮ (000) ደውል።
- ህጹጽ ኽንክን ዘየድልየካ እንተ ኾይኑ ምስ ስሩዕ ሓኪምካ ቈጸራ ግበር።
- ፒፒሲሲ ዝህቦ ኣገልግሎት ፓቶሎጂ፣ ራድዮሎጂን ፋርማሲን ዘጠቓልል እዩ።
- ፒፒሲሲ ዝህቦ ኣገልግሎት ናይ ሜዲኬር ካርድ ንዘለዎን ንዘይብሉን ንኹሉ ሰብ ብናጻ እዩ ዝወሃብ።
- ፒፒሲሲ ንንውሕ ዝበለ ሰዓታት ማለት ኣብ ሰሙን ንሸውዓተ መዓልቲ ክፉት እዩ።
- ቈጸራ ምሓዝ ኣየድልየካን እዩ።
- ኣብ ምሉእ ቪክቶርያ ክፉት ዝኾነ ፒፒሲሲታት ኣሎ።
- ኣበይ ከም ዝርከብ ንምፍላጥን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብን ናብ ዝሓሸ መትረብ ጥዕና (Better Health Channel) ብጻሕ፦ www.betterhealth.vic.gov.au/health/servicesandsupport/priority-primary-care-centres
- ኣስተርጕምቲ ኣብ እቲ ፒፒሲሲታት ኣለዉ። ብ131 450 ናብ ናይ ምትርጓምን ምስትርጓምን ኣገልግሎት ቲስ ናሽናል ደውል።